# ውግእ እዳርህንጀር - 9 ጥሪ 1962



## 5ይ ክፋል

<u>መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ</u>

ድሕሪ ውግእ ኣብናየት (3 ታሕሳስ 1961) ሓምድን ብጾቱን ንወርሒ ዝኣክል ካብቲ ዝጸናተዎም ዝነበረ ሓይሊ ፖሊስ ክኸወሉ ኣሕለፍዎ። ኣብ ዝሓደርዋ ኣይውዕሉን፡ ኣብ ዝወዓልዋ ኣይሓድሩን እዮም። ጸላኢ ንምድንጋር ኣርሒቖም ይጓዓዙ፡ ብኡ ንብኡ ድማ ናብ ዝነበርዎ ይምለሱ። ንደቡብ ዝኸዱ ተመሲሎም ንሰሜን ይስወሩ። ሓደ ምሸት በመንጎ ሃይኮታን ተሰነይን ጽርግያ ሰንጢቖም ክሓልፉ ከለው፡ ኣለና ንመበሊ ኣብ ፓሎ ተሌፎን ሓኹሮም ብጉጤት ነቲ ስልኪ በታተኹዎ። ኣንፈቶም ንፎርቶ ሸነኽ'ዩ ነይሩ። ሩባ ሓሸንኪት በቲኾም ብፋራ-ባዴን ኣቢሎም መረዊት በጽሑ። ካብኡ ናብ ኣዳል ዝወስድ መንገዲ ሒዞም ኣብ በረኽ ቦታ ምስ ወጹ እተን ብመንግስቲ ዝተወርሳ ጥሪት ሓምድን ቤተ-ሰቡን ካብ ተሰነይ ንኣቑርደት ገጸን ብፖሊስ ተኸብኩበን ክኸዳ ረኣዩ። ሽዑ ንሳቶም መደብ ጸላኢ ንምፍሻል ተሃንጠዩ። ሓምድ ግን "ግደፉዎም ይሕለፉ" በሎም። ሓምድ ዘቕረቦ ምኽንያት፡ "እንተ ተኵስና ንዑ ሕሙማትና ማርኹልና ማለት'ዩ። ከብቲ ሒዝና'ሽ ክንጓስየን ዲና ክንጋደል። ንሕና ተቓለስቲ ኢና። ነተን ከብቲ ብተኹሲ ፋሕ እንተቢልናየን ወይ'ውን እንተወስደናየን፡ ጽባሕ ንግሆ መንግስቲ 'ጥሪቶም ስለዝወሰድናሎም እንደኣሎም በረኻ ወጺኦም ኢሳ ከተጸልምና'ያ። ስምና ከፊኡ ኣብ ክንዲ ተቓለስቲ ሽፋቱ ተባሂልና ክብርና

ክሓስር'ዩ።" ዝብል ነበረ። ጥሪት ሓምድ ድሕሪ'ዚ ኣብ መጀመርታ ለካቲት ብጨረታ ተሓሪጀን ዝተረፋ ኣግማል ድማ ነቒጣታት ፖሊስ ክጥቀሙለን ተዋህባ። ሕን-ሕነ ናይተን ከብቲ ግዳ፡ ካብቲ ዝነበርዎ በሪኽ ቦታ ኣብ እግሪ-ኣዳል ናብ ዝነበረ መንገዲ ባቡር ወሪዶም ካልኣይ ግዜ ስልኪ ተሌፎን በተኹ። ካብ ኣዳል ዑበል ምስ ኣተው'ውን ዝወለደት ትውለድ ኢሎም ኣብ መንጎ ቢሻን ኬሩን ንሳልሳይ ግዜ ተሌፎን በቲኾም ናብ ኀቦ እዳርህንጀር ደይቦም ተሓብኡ። እዚ ንጸላኢ ዘሻቕል እኳ እንተነበረ ብኣንጻሩ ኣበይ ከባቢ ከምዘለዉ ጭቡጥ ሓበሬታ እዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ብኹሉ መኣዝን ኣብ ወፍሪ ዝጸንሑ ውተሃደራት መልእኽቲ ተመሓላሊፉሎም፡ በብዝነበርዎ፡ ኣንፈቶም ናብ ባላግንዳ ኣበሉ'ሞ ግምቶም ልክዕ ኮይኑ፡ ንሓምድ ምስ ጉጅለኡ ኣጽቢቦም ንኽኸብዎ ዕድል ረኸቡ። ሓምድ ገንዘብ ሂቡ ወልፊ ንኽገዝኣሎም ዝለኣኾ ሰብ ተጠርጢሩ ምስ ተታሕዘ፡ ተመሪሚሩ ዘለዉዎ ቦታ ሓበረ። ዕራርቦ ዋርድያ ዝነበረ ሃዳል ሸላል፡ ድምጺ ሰሚዑ ቁሊሕ እንተ በለ፡ ጸላኢ። ኣኑር ሓጃጅ ትኩርን ተጠራጣራይን ስለ ዝነበረ፡ ሽዓ'ውን ተዛንዩ ስለ ዘይጽንሐ ቀዲሙ ርእይዎም፡ "መሬት ፖሊስ ተዘሪኣታ" ኢሉ ጨደረ። ሓምድ ከም ኣመሉ ንብጾቱ "እዞም ንርእዮም ዘለና ጥራይ ኣይኮኑን ዝኣትዉና ዘለው። ድሕሪት ጥምቱ። ካልእ ሓይሊ ክህሉ ይኽእል'ዩ" በሎም ከይድህለሉ። ኣይደንጎዩን። ከም'ታ ዝበላ ብድሕሪት እውን ኣተውዎም። ተኹሲ ተጀሚሩ። ሓምድ ክሳራ ከየጋጠምም ንየው-ነጀው እናበለ፡ "ፋሕ ኣይትበሉ! ተጠማመቱ! ተሓላለዉ!" ኢሉ ኣዘዘ። ዘረባኡ ምስጢር ሓዘል'ዩ ነይሩ። ፋሕ ኣይትበሉ ማለት ኣንሳሕቡ'ዩ ነይሩ። ሓምድ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ስንጭሮ ዓሪዱ፡ ንእድሪስ ማሕሙድ ኣኻውሕ ኣብ ዘለዎ ብርኽ ዝበለ ቦታ ድፋዕ ከምዝሕዝ ገበረ። ክልቲኦም ከኣ፡ ብጾቶም ከይተሃስዩ ምእንቲ ከንሳሕቡ ጉልባብ ተኹሲ ጀመሩ። ከምቲ ዝደልይዎ'ውን ቅሩብ ሃዲሞም ተፈንተቱ። ኩጀት ሰጊሮም ንቕልቁል ክሃትፉ ኸለዉ፡ ካልኦት ወተሃደራት ጎፍ በሉዎም። ኣኑር ሓጃጅ ቀዲሙ ክልተ ጥይት ስለዝተኮሰ ግን ሰገጥ ስለዝበሉሎም ንዋራ ሰተኹ። በዘን ክልተ ጥይት በዓል ሓምድ ንብጾቶም ብዘይ ገለ ዕንቅፋት ከርክብዎም ዕድል ረኸቡ። ኩሎም እናተሓላለዉ ኸኣ፡ ዕጨ-እምኒ ተጎልቢቦም ሓያለ ተጓዕዙ። ግን ኣይወጹን። ካልኦት ብረት መዚኖም፡ ጥይት ኣብ ዓንቀር ኣሕሊፎም ዓቐብ ዝድይቡ ፖሊስ ዓጊቶሞም ፋሕ ብትን ኣተዎም። ቀዲሞም ተኹሲ ዝኸፈቱ እቶም ፖሊስ ነበሩ። ብኡ- ንብኡ ዘይትምሕር ጥይት ዝወቕዓቶ ኢብራሂም መሓመድ ሰኒ ኣየላበወን ኣብኡ ተሰውአ። ካብ ፖሊስ ድማ ሓደ ሳልሕ ዝበሃል ተቐትለ። ኢብራሂም ምስ ተሰውአ እናተሓላለኻ ምንስሓብ ተሪፉ ከከም እግርኻ ህድማ ኮነ። ፖሊስ ፍናን ረኺቦም ሓደ ብሓደ ንኽትርፍዎም "ሓዞ! ሓዞ!" እናበሉ ሰዓብዎም። ተመልከተለይ እናበሉ ተኰሱ። ንእድሪስ ማሕሙድ ናብ ሓደ በሪኽ ቦታ ክድይብ ርእዮሞ ኣነጻጺሮም ካብ ዝተኮስሉ ጠያይት ሓንቲ ንሕማላ ናይ ተሓንጊጥዋ ዝነበረት ሳንጣ ጠግ ኣበለታ። እድሪስ ነታ ጠያይት ዝነበራ ሳንጣ ኣልዒሉ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ

ሰንደልደል እናበለ ጉያኡ ቀጸለ። ብሓቦ ፍጥነት ወሲኹ ኣንፈቱ ናብ ሓደ ክሳድ ኣምርሐ። ኣብቲ ፈለማ ስለዘዳህለሎም ኣይረኣይዎን። ኣብ ሓድጊ-ሰማይ ምስ ወጸ ግን፡ ምሉእ-ብምሉእ ስለዝረኣይዎ ብብሬን ብዙህ ጠያይት ፈነውሉ። ጥይት ዝሃርሞ ንጣራት እምኒ ኣብ ሰውነቱ ተዘርአ። ሓሓሊፉ ካብ ሰውነቱ ደም'ኳ እንተወጸ፡ ዝሒሉ ስለ ዝሃረሞ ብዙሕ ኣይተሃስየን። ሓምድ ንበይኑ ወሰን-ወሰን'ዩ ዘምልጥ ዝነበረ። ንሱ'ውን ካብቲ ከበባ ክወጽእ ግድን ናብ በረኽደይቡ ቁልቁል ክንቆት ነይርዎ። እቶም ወተሃደራት ርእዮሞ ጠያይት ነዝሕሉ። ኣይተሳሕተን። ጸጋመይቲ ኢዱ ተሃሪማ ክትሰንፍ ተስመዓቶ። ነታ ቁስሊ በጨርቂ ጀኒኑ ደሙ ክዓግት ኣይከኣለን። ደው ግን ኣይበለን። ከምዝተወግአ ዝፈለጡ ወተሃደራት፡ "ኣይትተኩስ! ሓዞ! ሓዞ! ንዓ!" እናበሉ ሰዓብዎ። ብረቱ ምሕንጋጥ ጸጊሙዎ ከሎ፡ ብኸንደይ ቃልሲ ንቕድሚኡ ሰጒመ። እቶም ወተሃደራት ንሓምድ እናቐረብዎ ምስ መጽኡ፡ ሽጉጡ ሎጎመ። ዳርጋኣርክብ ከብልዎ፡ ንእድሪስ ስለዝርኣዮ "ተወጊአ ኣለኹ!" እናበለ ጉልባብ ክገብረሉ ኣመልከተሉ። እድሪስ ሰምቢዱ ክመጸ ክብል፡ ኣብ ህጉም ወደቐ። ኣይተሃስየን። እኳ ደኣ እታ ምዳቕ ኣይከፍኣቶን። ብሳላኣ ድሒኑ። ኣብኡ ኸሎ ኣካላቱ ኣመቻቺኡ፡ ንወያ ህጉም ከም ድፋዕ ተጠቂሙ ብረት ኣቕኒዑ፡ ነቲ ከርክቦም ዝጎዩ ዝነበረ ወተሃደር ጉንዲ እዝኑ ዘበጦ።ዓዕ እናበለ ንድሕት ፍንክል በለ። ብድሕሪ'ዚ ወተሃደራት ናህሮም ነክዮም፡ "ረኺብዎ! ረኺብዎ!" እናተበሃሃሉ ንብጻዮም

ክረድኡ ጎየዩ። ጸሓይ ዓሪባ መሬት ጽልግልግ ስለዝበለ ድማ፡ ከውሊ ኮይኑዎም ኣምለጡ። ሓምድ፡ ንእድሪስ ማሕሙድን ኣብ ከባቢኡ ንዝጸንሐ ኣድም ኣቡሓሊማን "ታሕቲ ወሪድኩም ተጸበዩኒ"ኢሉዎም እናተቐንዘወ ክሳለ ጀመረ። እንተኾነ፡ ንሳቶም ቅሩብ ውርድ ኢሎም፡ ከዕቁቦም ኣብ ዝኽእል ደናጉላ ኮፍ ኢሎም ክጽበይዎ ኸለዉ፡ ሓምድመንገዲ ስሒቱ ሓሊፍዎም ወረደ። ናብ ሓደ ዝተሓጽረ ግራት ድማ ኣተወ። ኣብኡ ከማል ዝበሃል ወዲ ኣልገዴን ገባር፡ ኣብ ዓውዲ እኽሊ ክሻቑጥ ጸንሖ። ከማል ምስ ስድራ- ቤቱ'ዩ ነይሩ። ንሓምድ ተሃሪሙ ምስ ረኣዮ ኣዝዩ ደንገጸ። ብኡ-ንብኡ ጤል ሓሪዱ፡ ማይ ብደልሚ መሊኡ ንሓምድ ኣብ ኣድጊ ኣወጢሑ፡ ሰብ ከይረኣዮ ብለይቲ ናብ ጎቦ ኣሊት ቡልቱብያይ ሒዝዎ ደየበ። ንኣርባዕተ መዓልቲ ከኣ ቍስሉ እናሓከመ ተኸናኸኖ።

## ምእታው ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳን ንሜዳመጋቢት 1962

ድሕሪ ውግእ ኣዳርህንጀር "ሓምድ መዓንጣኡ ተዘልዚሉ፡ ኣነ ኣልዒለዮ፡ ኣነ ተሸኪመ ኣውጺአዮ" ዝብል ዝተጋነነ ወረ ክናፈስ ጀመረ፡ ነዚ ዝሰምዑ ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳን፡ መውጋእቱ ከቢድን ዘይምሕርን

ስለዝመሰሎም፡ ኣፈርክቡ ከም ዝተባህሉ፡ መሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ኣቡ ጥያራ፡ ዑመር ዳምርን መሓመድ ኣደም ገሲርን ብተብተብ ተበጊሶም፡ ድሕሪ ብዙሕ ኮለል ድቡክ ኣልገዴን በጽሑ። ኣይከም'ቲ ዝፈርህዎን። ኣብ ጸጋመይቲ ኢዱ'ዩ ተሃሪሙ። እታ ሕንጥል ሕንጥሊቶን ቀሌቤቶን ደኾን ብዙሕ ዘይንቀሳቐሳ ነይረን'ምበር፡ ቁስሉ ቀምሪሩ ነበረ። ሓኪም (ገሲር) መድሃኒት ሂቡ፡ ደራሪዙ ሓከሞ። ሓምድ እዞም ወተሃደራት ክመጽዎ ከለው፡ ሰብ ኣይነበሮ ብረት ኣይነበሮ።
ቍስሉ ዝሕክሞን ብረቱ ጸይርሉን ዝነበረ ግንድፍል'ውን፡ ኣመት ወሰኽ ዕጥቂ ኽገብር ከሰላ ከይዱ ነበረ። ምስ እድሪስ ማሕሙድን ኣድም ኣቡሓሊማን ጥራይ'ዩ ተሪፉ ጸኒሕዎም። ሽዑ እቶም ብሓባር ዝኸድዎ ኣብኡ ከለዉ ክጋደሉ ከምዝደልዩ ሓበርዎ። ሓምድ ግን፡ ንሸዓ መዓልቲ እውን ክውዕሉን ክሓድሩን ኣይደለየን። ክምለሱ መኸሮም። መሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ "ሓንሳብ ስለ ዝወጻእና፡ ሎሚ ኣይንምለስ ጽባሕ ኣይንምለስ፡ ንዓኻ ዝረኸበት ትርከበና' ኢሉ ዕጭ ሓንፈፈ። ሓምድ ግን 'ኣይፋልኩምን ንስኻትኩም ዕሉማት ስለ ኾንኩም ዕጥቂ'ዩ ዘድልየኩም። ብረት ምስ ረኸብና ኸኣ መጺእኩም ትቃለሱ።

ሕጂ ጥራይ-ኢድኩም ምሳና ኣይትኸዱን" ኢሉ ስለዘቕበጾም ንከሰላ ተመልሱ። ግንድፍል ካብ ሓምድ ኣመት ዕጥቂ ክገብር ከሰላ ምስ ተመልሰ ህዝቢ ዘዋጽኦ ገንዘብ ስለ ዝጸንሖ ብረት ክዕድግ ክሳብ ገላባት ዶብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ተጓዒዙ ነይሩ። ግን ኣይረኸበን። ካብቶም ካብ ቃልሲ ሃዲሞም ዝኸዱ ፈቲሹ፡ ሓደ ኣብ ገዳርፍ ሓደ ድማ ኣብ ኣሮማ ስለዝረኸበ ግን፡ ብረት ኣበይ ከምዘቐመጥዎ ከርእይዎ ኣእሚኑ ሒዝዎም ንኤርትራ ብምምላስ ሰለስተ ብረት ኣብ ስቱር ቦታ ብምቕማጥ ከም እንደገና ከሰላ ተመልሰ። ካብቶም ናብ ቃልሲ ክጽንበሩ ድሉዋት ዝነበሩ ኣባላት ሰራዊት ሱዳን ነበር፡ ኩንትራቶም ጨሪሾም ተፋንዮም፡ ሜዳ ንምውጻእ መዓልቲ ምብታኽ ጥራይ ዝተረፎም ነበሩ። እዚኣቶም ንግንድፍል ምስ ረኸብዎ ካብ እግሩ ስድሪ'ውን ትኹን ከምዘይትርፉ ሓበርዎ። ግንድፍል ግን ብዘይ ፍቓድ ሓምድ ሜዳ ከእትዎም ኣይደለየን። "ክሳብ መልሲ ዘምጸኣልኩም ተጸበዩኒ" ኢሉዎም ድማ፡ ጉዳይ ምንዳይ ዕጥቂ ኣወንዚፉ ሜዳ ኣተወ። ኩነታቶም ገለጸሉ። ሓምድ ግን ብዝሕን ዓይነትን ብረት ከይሓዝካ ሰብ ምብዛሕ ትርፉ ክሳራ እዩ ኢሉ፡ ነቲ ሓሳብ ኣይተቐበሎን። ክሳብ ብረት ዝተኣኻኸብ "ጽንሑ" ዝብል መልእኽቲ ድማ ብግንድፍል ለኣኸሎም። ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳን፡ ሓምድ ብረታዊ ቃልሲ ቅድሚ ምጅማሩ ዝነበሮም ስምምዕ "ኩንትራቱ ዝወድአ - ኣብቲ ግዜ'ቲ ጥሮታ ክሳብ ትወጽእ ኩንትራት ኣብ ሰሰለስተ ዓመት'ዩ ዝሕደስ ነይሩ - ናብ ቃልሲ ይጸንበር" ዝብል ውሳኔ ከተግብሩ ቆሪጾም ነበሩ። ኩሉ ናይ ሰለስተ ዓመት ኩንትራቱ ዝወድአ ኣብ ክንዲ ዘሐድስ ኣቛሪጹ ናብ ገድሊ ክጽንበር ድማ ዘድሊ ምድላዋት ኣጻፊፎም እዮም። ንሱዳን ከም ደጀን ስለዝሓሰቡዋ፡ ቅድሚ ኩንትራት ምውዳእ

ናብ ሜዳ ምጽንባር ምስ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ግጭት ከየእትዎም ኣይመረጽዎን።

መብዛሕትኦም 16-17 ዓመታት ዘገልገሉ ስለዝነበሩ ጉዳይ ጥሮታ ብፍቓዶም ተሓሲሞሞ እዮም። ጉዳይ ሓዳሮም ብዝምልከት እውን 'ድሕሪ ደጊም ክንስዋእ ስለዝኾንና ነንስትና ንፍትሓየን' ዝብል ሓሳብ ኣምጺኦም ነይሩዎም። 'ኣይፋል ምስ ሞትና ክፍትሓ እንድየን' ብምባል ግን፡ ኪዳን ምውራድ ዝብል ሓሳብ ብብዝሒ ድምጺ ኣውደቕዎ። ዳሕራይ ግን ስልማት ኣንስቶም እናሸጡ ጥይት ዝዓደጉ፡ ክሳብ ኣባይቶም ዝሸጡ'ውን ነበሩ። ንግንድፍል፡ "ግድን ክንኣቱ ኣለና፡ ሓምድ ክውጋእ ዝኽኣለ ጎር ስለዝሰኣነ'ዩ፡ ሕጂ'ውን ከይከድና ስቕ እንተ ኢልና ሰብኣይ ጸገማት ክደራረቦ'ዩ። እቶም ምስኡ ዘለዉ በይኖም ከድሕንዎ ስለዘይኮኑ ክንኣቱኢና። ስለዚ ኣብዘን ሰለስተ መዓልታት መልሲ እንተዘይሂብካና ባዕልና ክንኣቱ ከምዝኾንና ክትፈልጥ ኣለካ" ኢሎም ምስ ኣዋጠሩዎ፡ ቁርጹ ንኽፍልጦም ከም እንደገና ናብ ሓምድ ለኣኹዎ። ሓምድ፡ ድሕሪ'ዚ ክታረኾም ኣይደለየን። ድሌቶም ንኽማላእ ሕራይ በለ። በዚ ድማ ግንድፍል ኣብ መጋቢት 1962 መሪሕዎም ሜዳ ኣተወ። ንሳቶም ኣደም መሓመድ ሓምድ - ግንድፍል ብሰንኪ ስንክልና ኣቐዲሙ ጥሮታ ወጺኡ ኣብ መንጎ ሓምድን ከሰላን ቀለቤት ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ፡ መሓመድ እድሪስ ሓጅ (ድሓር ምክትል ሓምድ ዝኾነ)፡ መሓመድ ዑመር ዓብደላ (ኣቡ ጥያራ)፡ ዑመር ዳምር፡ ዑመር ሓምድ እዛዝ፡ መሓመድ እድሪስ ኣቡርጂላ፡ ጅምዕ ኣደም፡ ኢብራሂም ባህዱራይ፡ ዑስማን ኣቡ ሸነብን ነበሩ። ሓደ ዓይነት ዩኒፎርም ሊቢሶም ንሓምድ'ውን ግርማ ዘልብሶ ማዕቀኑ ዝኾነ ወተሃደራዊ ክዳን ሒዞም ድማ፡ ኣብ ኣቡ-ሓሸላ ሸኩል ምስ ሓምድ ተራኸቡ። እዞም ወተሃደራት ነበር ናብ ሓምድ ምስ ተጸንበሩ፡ ገድሊ ኤርትራ ንመጀመርታ ጊዜ ካብ ሓደ እኩብ ጉጅለ፡ ናብ መሳርዕ ተኸፋፈለ። ኩሎም መራሕቲ መሳርዕ ካብቶም ምኩራት ወተሃደራት ሱዳን ኮኑ። እዞም ወተሃደራዊ ስነፍልጠት ዝመልኩ ተጋደልቲ፡ ምስ ሓምድ ዝጸንሑዎም ወተሃደራዊ ታዕሊም ክህብዎም ጀመሩ። ይኹን'ምበር ኣብ ሱዳን ስለዝነበሩ፡ ብዛዕባ ኩነታት ጸላኢን ሓፈሻዊ ኩነታት  ሜዳን ኣፍልጦ ይጎድሎም ነበረ። ከም ኣብ ስሩዕ ሰራዊት ዘለዉ፡ ነተን ምስኦም ዝነበራ ብረታት ክፍትኑወንን ጨመተ ተኹሲ ክገበሩን ይደልዩ ነበሩ። ንሓምድ ለይቲን መዓልቲን 'ጨመተ ተኹሲ (ደርበን'ናር) ክንገብር ኣለና' እናበሉ ድቃስ ከልእዎ። ደርበን'ናር ግን፡ ነቶም ኣብ ዝወዓልዎ ዘይሓድሩ ብኹሉ ሸነኻት ዝህደኑ ዝነበሩ ጉጅለ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ነፍስኻ ንሞት ከም ምፍራድ ነበረ።